# ምስክርነት ዕረፍቲ ሓዋርያ ሉቃስ

www.debresahl.com

1. እቶም እንታኮን ይፍርዶ ይኽዉን ኢሎም ጽን ዝብሉ ዝነበሩ ሰባት ድማ ካብዛ ዓድና ጥራይ አዉጽኣልና ኢሎም ጫዉ ጫዉ በሉ። ንሱ ኔሮን ግን ካብዛ ዓዲ እዚኣ እንተ አዉጻእናዮስ ደይ ናብ ካልእ ከይዱ ክስብኽ እዩ። ዝሓሸትሲ ንታ ኢየሱስ ወንግል እናበለት እትጽሕፍ የማነይቲ ኢዱ ደአ ምቁራጽ ትበልጽ ኢሉ አዚዙ አቁረጾ።

2. ሓዋርያ ሉቃስ ድማ ብድኅር ምቁራጽ ኢዱ፣ እዞም ምቁራጽ ኢደይ ዝረአዩ አሕዛብ እቲ ዘድሕን አምላኽ አሎና ዝብልዎስ አበይ ደአ አሎ? እንተደአ አልዩስ ንመዓስ ደአ ክኾኖም እዩ? ሥልጣኑ መታን ከይብሉስ፣ ነዛ ዝተቆርጸት ኢደይ ከምቀደማ (ጥዕይቲ) ክትገብራ እልምነካ አሎኹ፣ ኢሉ ጸሎት ገበረ እሞ፣ ጥዕያ ከም ቀደማ ኮነትሉ። መዝ.78፣10

3. ኔሮን ኮነ ሰዓብቱ ግን ብሥራዮ እምበር በቲ ዝተዋህቦ ሓይሊ እግዚአብሔር ከም ዝተገብረ ክአምኑሉ አይከአሉን።አናጦሊ ዝተባህለ መኮንን ግን አብ ቅድሚኡ ዝተገብረ ተአምራት ምስረአየ ንሱን 267 ሠራሕተኛታቱን ከይተ ጠራጠሩ ንግዚኡ ተረዲኦም ብክርስቶስ አምኑ። ናይ ፈርዖን እምቢትነት አባልገ ዝኀዘቶ ኔሮን ግን አብ ክንዲ እምነት እቲ መኮንን ርእዮ ዚስሕብ፣ ነቶም ዝአመኑን ሉቃስን ብሓንቲ መዓልቲ ማለት ጥቅምቲ 22 ንሞት ፈረዶም።

4. ብፍላይ ድማ ንሊቃስ በታ መዓልቲ እቲኣ ብሰይፊ ክሳዱ ይቆረጽ ኢሊ አዘዘ። ብሓደ ሰይፊ ተሰይፍ ድማ ዓረፈ። እንድገና ድማ አሠሩ ከይርከብን ከይዝከርን ኢሎም ናብ ባሕሪ ደርበይዎ። እንተኾነ ብትእዛዝ እቲ ንባሕርን ቀላያትን ዝእዚዝ እግዚአብሔር ማዕበል አላዒሉ ናብቲ ዝተደርበዮ እናደፍአ ናብ ወሰን ባሕሪ ስለዘዉጽኦ በረኸት ሓዋርያት ተኻፊል ዝበሎ ሰብ ረኺቡዎ ብንጹሕ ዓለባ ገኒዙ ናብ ናይ ምእመናን ዝቕበሩሉ መካነ መቃብር ቀበሮ።

ጸሎቱን በረከቱን ምስ ኩልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን፥ አሜን።

ሰላም ለክሙ ማኅበራነ ሉቃስ ፍንዉ።
ክልኤ ስሳ ወሰብአቱ እደዉ።
ምቱራት በሰይፍ አምሳለ ዕፀዉ።
ለሲላሥ ሰዓሞ አረጋዊ ልፍዉ።
ዘመጻሕፍቲሁ ተወክፈ ብንጹሕ አእዳዉ።
ሰንከሳር 22 ጥቅምት ትመልከት።